# ንኣሸቱ ልቢ ወለዳት

ምስ

ኣሌክሳንደር በየነ



Amsterdam 2019

Beyene275@gmail.com

ክቡራት ኣንበብቲ ፡ እዚ ከም ልቢ-ወለድ ዘቕርበልኩም ሓጸርቲ ጽሑፋት ፡ ገለ መዛናግዒ ገለ መስሓቒ ወይ መሃሪ ይኸዉን ካብ ዝብል ተበግሶ ኮይኑ ፡ ዝኾነ ስም ሰባት ይኹን ስም ዓድታት ቦታታት ወይ ሃይማኖታት ንዝጠቕሶ ፡ ከም ልቢ-ወለድ ኣንበር ከም ሓቒ ተወሲዱ ንዝኾነ ውልቀሰብ.. ሃይማኖት.. ኣውራጃ..ወይ ካልእ ዝንባለ ንዘለዎ ብቐጥታ ዝጸሉዉ ከምዘይኮነ ብትሕትና ክሕብር እፈቱ !!

ዝኾነ ርእይቶ ሓበሬታ ወይ መኣረምታ ፡ ኩሉ ግዜ መጋቢ ስለዝኸውን ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ኣድራሻ ተወኪስኩም ክትረኽቡኒ ይመሓጸን !!

ኣሌክሳንደር በየነ Beyene275@gmail.com

# ***ሕክያ ምስ አሌክስ በየነ***

# ***50 ጅኔ. ...***

አባሓጎይ ምስ ሞተ ስለ ተወለድኩ : ብአካል አይፈልጦን ይኹን እንበር : ብስድራይን ብደቒ ዓድን ታሪኹ እንዳ ተነግረኒ ስለዝዓበኹስ : አባሓጎይ ከምዚ ዝመስል ሰብ እዩ ኔሩ : ኢለ ብንዓይ ዝመስለኒ ስዕሊ : አብ ርእሰይ አቐሚጠ : ኮሪዐሉ እየ ዝጓዓዝ ኔረን ዘለኹን....

እዚ ከምዚሉ ከሎ : ከም ሰበይ ናብ ስደት አብ ዘምራሕኩሉ እዋን : 1986 እዩ ድሕሪ ናይ ክልተ ወርሒ መገዲ ድኻምን ጥምየትን : ምስ ሳልሳይ ርእሰይ : ንፈለማ : ካብ ኤርትራ ወጺእና ንሱዳን : አብ ገዳርፍ ዝአተና...

እቲ ዓዲ ዝፈልጥ መሪሑና ዝመጸ : ኑውናይ እንዳ ሸዲዳ ክወስደኩም ኢሉ : እንዳ ሓንቲ ብዕድመ ዓባይ ዝኾና ኤርትራዊት ሰበይቲ : መግቢ ዝሸጣ ይወስደና...

እታ ሸዲዳ ትብል ቓል ቦኽሪ እዝነይ ትኹን እንበር : ብገለ'ስ ሲሒባትኒ ዲሒረ ዝደጋግማ ቓል ኮነት ...

አብ መአዲ ክምለስ ...

እቲ ዝኣተናዮ ገዛ : መሊኡ ስለ ዝጸንሓና : ከም ከበሮ : አብ ጻሓይ ተሰጢሕና : መኣዲ ንጽበ አብ ዝነበርናሉ : ሓደ ሰብአይ ባዓል ጸጋ ዕድመ መጺኦም : ምሳና ኮፍ ይብሉ እሞ : ንሽዑ ድማ ታ'መአዲ ትመጽእ...

ሓደ ካባና : አብ ሽዑ በጺሑ ፡ ነዞም ሰብኣይ ፡ አቦ ባርኹልና ! ይብሎም እሞ : እዞም ኣቦ : ኣቡነ ዘበሰማያት ይደግሙ : ጸኒሖም ሰላም ነዓኺ ዎ'ማርያም : ብድሕሪኡ ድማ : ጸሎት ተደራቢ ጸሎት ኮይኑ ይነዉሓና...

ንክልተ ወርሒ ንቡር መግቢ ስለ ዘይረኸብና : አፍና ማይ መሊኡ : ኢድና ከይንሰድድ ድማ : ድፍረት ኮይኑ ተሰሚዑና : ጨነን ኢልና...

እዛ ዉልቓዊት ምህዞ አባጅጎ ዝኾነት ጻሓይ ድማ : ምስ ጓላ ግዲ በሪቓ : ክንወድቕ ክሳብ ንደሊ ፈታተነትና...

እዚ ኢልና እቲ : ሃረምረም ኢልና ክንበልዕ ጀሚርና...

እዚ ዝተዓዘባ ሸዲዳ : ደንጊጸን አብ ጥቓና መጺኤን : ኮፍ ኢለን በብሓደ ክሓታና ጀመራ...

ሪጋይ በጺሑ ድማ...

ንስኻኸ እዚ ወደይ ካበይ ኢኻ መጺኻ ? በላኒ ...

አነ ድማ : ሕራይ አደ : እንተ ኺኢልክን ቅድም ማይ እሞ ሃባኒ : ደሓር ከነዕልል በልክወን...

እዋይ አነ ወደይ : ቅድሜኺ'ስጣሓኒ ! ኢለን ማይ ሃባኒ...

ብድሕሪ'ዚ : አነ ካብ አስመራ እየ : ስድራይ ካብ ኪዳነ ምህረት እዮም : ምስ በልክወን ኢንተርቪዉ ቐጸለ...

ወድ'መን ደአ ኾንካ ? ኢለን ኩሉ መስ አጻረያ : ነ'ቦሓጎይ ከም ዝፈልጦኦን : ቅድሚ 30 ዓመት ካብ አባሓጎይ ገዛ ተኻርየን ይቕመጣ ምንባረንን ነገራኒ...

ግርም : ነገር ጸበቐ ! ንስድራይ ዝፈልጣ ካብ ኮና'ስ ኢለ ይሰምዐን ነበርኩ...

ደሓር : ጸኒሐን : ብላዕ ደአ ዝወደይ ! እንበር አባሓጎኻስ : ብሩኽ አይነበሩን ይብላኒ ...

ሸዉሃተይ ተዓጺዩ : ጸጊበ በልክወን...

አቦሓጎይ ደአ እንታይ በዲልክን ድዩ? ዝብል ሕቶ ድማ አዝነብኩለን...

ገዛ ኽራይ : ሓንቲ ማዓልቲ እንተሓሊፋ : ሰብ ይልእኩና ኔሮም : የሰክፉና ኔሮም በላኒ...

አነ ድማ በላ ንዓይ ከአ : ሰብ ከይ ለኣኽክናለይ ከለኽን : ሕሳብ ናይ መግቢ ግበራለይ : በልክዎን ...

ብድፍረት እንበር : እኹል ሰልዲ አብ ጁባይ አይነበረን : እቲ ዘምጸና እዩ ክኸፍሎ : ሓሲበ ዘለኹ...

አይ እዚ ወደይ : አብዚ ዝጸንሑ ሽቓጦ ከፊሎሞ እዮም በላኒ...

ግርም ! ዉሽጡይ ቐልጢፍና ካብዛ ገዛ እንተ ንወጽእ! ኢለ እንዳሓሰብኩ : ካልእ'ከ እንታይ ዝገበረክን ነገር አሎ አባሓጎይ ? ኢለ ሓተትኩወን...

ካልእ ደአ : እንታይ ዘራኽበና ኔሩ ኢልካዮ : ብማዕዶ ሓሊፎም ተመሊሶም ንብል እንበር : ንሶም ደአ : ብጊላኦም እንተዘይኮይኑ ብአካል መዓስ ይፈልጡና : በላኒ...

ሕራይ ደሓን ኢለየን ...

ምፍናውና ይቐርብ እሞ : ክሳብ ምስ መቕርብኩም ትራኸቡ : ከይትሽገሩ ንታክሲ ኢለን : ንሰለስቴና አጋይሽ : አብ ኢድ ኢድና ሰልዲ ሱዳን የዕሙኻና...

አመስጊንና ካብአን ተፈሊና : ዘምጸአና ወዲ : ክሳብ መገዲ ንካርቱም ንረክብ : ናብ ንሓድረሉ ቦታ : እንዳ ሓደ ዘመዱ ሒዙና ይኸይድ : ንሳልስቲ ድማ : አብ ገዳርፍ ንቕኒ...

አብ ዕላልና : ብዛዕባ እዘን ብርኽቲ ሸዲዳ ዝሃባኒ 50 ጅኔ ኣላ እሞ : ሻሂ ንስተያ እንተበልኩዎም : መማጽእተይ

ክልቲኦም : አነ ደአ 100 ጅኔ እንድየ ተቐቢለ : ኣነ ኸማን ፡ ኢሎም የርእዩኒ...

እምቧእ ኢለ : ብዙሕ ክዛረበሉ አይመረጽኩን : ምኽንያቱ ተገዲደን አይኮናን ሂበናና : ሰናይ ተግባር እዩ...

ይኹን እንበር : በታ ናይ አባሓጎይ ዝበሎ : 30 ዓመት ዝገበረ ዘኪረን : አድልዎ ምግባረን : ኮይኑ ተረዲኡኒ : አነ እዉን አብ ስነይ ነኺሰያ...

ግናይ ዘመን መተዓዛዘቢ እዩ...

ከምዚ ኢልና : ብሓበሬታ ሓደ መልአከ ዝባሃል : ባዓል በጥ ይረክብ እሞ : ንዝሓተትኩዎ ስም አኮይ ይፈልጦ ጥራይ ዘይኮነ'ስ መሰርሕቱን ዓርኩን ሙኚኑ ሓቢሩ : ደይብ አብዛ ማኪና : ጽባሕ ምስ አኮኻ ከራኽበካ እየ : አብ ካርቱም ይብለኒ...

ክጸንሕ እንተበልካ ድማ : ገንዘብ ክህበካ መጻንሒ ይብለኒ...

ክርህወኒ ጀሚሩ!

በል አነስ ካባኻ አይፍለን እየ ኢለዮ : ምስ መማጽእተይ ተሰዓዒምና ንፋላለ : አነ አብ ካርቱም : ቤተሰብ ረኺበ : ናብራ ስደት ከስተማቕር ጀሚረ...

እታ ፍልይቲ 50 ጅኔ ግን : ከየሽርፋ ከየጥፋአ ምስ ነብሰይ ቓል አትየ ይግረምኩም ! ካብ 1986 ጀሚራ ምሳይ ኔራ...

ድሕሪ 9 ወርሒ ናብራ ሱዳን : አብ ኤውሮፓ አብ ሆላንድ እየ ዝቕመጥ!

ካብ ማዓልታት ስደት : ሓደ እዋን : አብ አምስተርዳም : ሓንቲ ኤልሳ ተኽለ ዝተባህለት ጓል ይላለየልኩም...

አብ ገዛይ : ኮፍ ኢልና ቡን እንዳ ተሰተየ : አልቡም ገናጺላ አሳእል ቐደም እንዳረአየት እዉይይይ! እታ እዚ ደአ ሰልዲ ሱዳን እንድዩ : እንታይ ይገብር ምስ አሳእልካ ? ትብለኒ...

ግደፍያ አብኡ ደሓን : እንተ ዘይሜትክን ጥዕና'ለክን : ሓደ ማዓልቲ : ናብ ዋናኣ ክመልሳ እየ ይብላ!

ተዛረበ ኢልካ ዲኻ ! ተሽሪፉ 2 ቕርሺ ዘይትበጽሕ : ንመን ክትህባ ደሊኻ ትብለኒ...

ዋናኣ : እገለ ዝበሃላ ሽዲዳ : አብ ገዳርፍ አለዋ ፡ ምስ በልክዋ! እዛ ጓል ሰንቢዳ : ነዛ 50 ጅኔ ሒዛታ : ባኞ አትያ ፡ ክትበኪ ቡን ተረሲዓ ...

ንዒ ዉጺ እንታይ ረኺቡኪ? እንተበልካ ፡ ሰዓት ኮይኑ አብ ባኞ ፡ እተን ሽዲዳ መን ሙኺነን : ከምዝፈለጠት አይሰሓትኩን : እንታይ መተአሳሰሪ ከምዘለዋ ምስአን ግን : ፍጹም አይበራሃለይን!

ሌላና ምስ ኤልሳ : ዳርጋ ዓመት ኣቑጺሩ ስለ ዝነበረ : ኩሉ ግዜ ርክብና : ንቤተሰብ ንንገሮም : ክብላ ከለኹ : ደሓን ንጽናሕ ቑሩብ : ብማለት እያ ትዓጽዎ ኔራ...

እዚ ኩነታታ : ብዙሕ ዝተአማመነሉ ብዘይምንባሩ : ገለ ግዜ ንፍሕሰት ስሕተት ዝኸዉን ተንኮል ከይከዉን ይሰግእ ኔረ እየ...

ተሓቢእክን ትጠንሰኦ : ሰብ ኣኪብክን ትሓርሰኦ : ከም ዝበሃል ግን : ሽዓ ምሸት እያ : ዝነግረካ አሎኒ : ኮፍ ኢልካ ዋዓል : ቡን ጌርና ከነምሲ ኢና : ዝበለትኒ ...

አወል ቡን ሰቲና : ቪድዩ እንዳረአና እያ ድማ : በል ነፍሰጾር ኮይነ አለኹ :ተበሰር : ዝበለትኒ...

ኤልሳ ብዙሕ ብሩህ ዘይኮነ : ዝተደባለቐ ዋዛን ቑም'ነገርን ስለዝነበራ : በዚ ብስራት ከም ዝተደናገርኩ ፡ አንቢባትኒ ምኺና አይዘንጋዕኩን...

ኤልሳ ካብ ባኞ ምስ ወጸት : ንዒ እስከ ጓል ተኽለ : አብዚ ኮፍ በሊ : እንታይ እዩ አብክዩኪ ? አይተረደአንን : እዘን ሸዲዳ ትፈልጥየን ዲኺ ? ዋላስ ሕማም ጥንሲ እዩ : አይበራሃለይን : ይብላ...

ኤልሳ ሕንቕንቕ እንዳበለት "ዓባየይ እንድያ" ! ትብለኒ...

ንኤልሳ :ዝርንዝሕ ንብዓታ ደራሪዘ እየ : ኣብ ጥቓይ ኮፍ ከምትብል ዝገበርኩ ....

ድሕሪ ቑሩብ ግን ተሲኣ : ኣብታ ቡን ተፍላሓላ ዝነበረት ሓጻር ኩርሲ ኮፍ ኢላ : በረካ ድያ በጺሓ ኔራ ? ዋላ'ስ ደረጃ እዛ ቡን ዝተደናገረት ክትመስል : ኡፍፍፍፍ ኢላ እንቓዓ ድሕሪ ምስትንፋሳ : ክስኽትታ ዶ? ኢላ ሓተተትኒ ...

ኣነ ድማ : ዓይኒ ዓይና እንዳጠመትኩ : እወ ሰኽትትያ : ንቡር ኣይትኽልእያ : በረካ ሰቲና ተባሪኽና ክንወጽእ : ኢለያ ናብ መደቐሲ ከይደ እንዳ ተኸዳደንኩ : ተሲኣ ናባይ መጺኣ : እንታይ ደኣ ትከዳደን ደሓን ዲኻ ? ኢላ ትሓተኒ'ሞ ...

ኣነ ድማ : ኣብ ሓደ ቦታ በጺሐ ክምለስ እየ ኤልሶኦም...!

ኢሂ እንታይ ተረኽበ ደኣ?

እዋእ ! እዚ ብስራትክስ ዋላኺ : በጊዕ እንተዘይ ሓረድናሉስ : ሓንቲ ጥርሙዝ ዊስኪ እባ ክንጠብሓልኪ ! ዱኳን በጺሔ ክምለስ እየ!

ኖእ ! ሎሚ ደገ ምኻድ የሎን : ኢላ ናብዛ ዓራት ትደፍኣኒ : በዚ ሓደን ክልተን ድማ ዕላልና ኣብ ዓራት ንቕጽሎ...

እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ : ገጸይ ናብ ላዕሊ ኣንቓዕሪረ : ንገለ ካልኢታት ዝን ኢለ : ነቲ ዝቕጀለኒ ዝነበረ ሕቶታት እንዳ'ኮማሳዕኩ ...

ኣሌክሶም ! ጠሚኻ ዲኻ ? ዘይተዕልለኒ ኢላ ተባራብረኒ...

ኣበይ ዘሎ ጥሜት : ንስኺ እንዲኺ መግበይ : ኢልና ንዳግም : ኣብቲ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ሕቡእ ንኣቱ...

ድሕሪ እቲ ፍጻሜ ድማ : እዘን ሸዲዳ ዝበልኩዋ'ስ ንሰን ሙኺነን ከመይ ኣረጋጊጻ ? ካብ ዝብል ሓሳብ ተበጊሰ : ኤልሶኦም እዘን ዝበልኩኺ ሸዲዳ : ንሰን ሙኺነን ከመይ ፈሊጥኪ? ይብላሞ...

ኣብ ገዳርፍ ዝነበረት : ብኸምዚ ዝበልካዮ ስም : ዓባየይ ጥራይ ኣያ ኔራ...

ስዕሊ ኣለኪዶ?

ኖ ! የብለይን : ዘብክየኒ ደኣ ደይ ንሱ እዩ...

ከመይ ማለትኪ ኢዩ? ጹቡቕ ኔርኪ እንዶ ኣዕልልና!

ዓባየይ እንተሞተት ኣብ ካሜራ ገጻ ኣይትቐርብን እያ : እቲ ምኽንያት ከጻዉተካ ህህ በል...

ኦከይ ሕራይ ...!

ዓባየይ ቖልዓ ከላ ቐደም : ካብ ሃገረሰብ ክትሰርሕ ኢላ ነስመራ ትኸደልካ : ደሓር ኣብቲ ትቕመጦ ዝነበረት ገዛ ፡ ትሰርሓሎም ዝነበሩ ዋና ገዛ ፡ ይዕምጹዋ...

እህህም...

ዓባየይ ብኡ ንብኡ ጥንሲ ትሕዝ : ድሕሪ እዚ ምስ ሰንበደት : ቤተሰባ ከይፈለጡ ተሓቢኣ ነደይ ትወልዳ...

ዋዉ ....!

ነደይ ከተዕቢ ይኹን : ክትሰርሕ ወይ ዓድና ክትምለስ : ዘይከዉን ምስ ኮና : ነደይ ምስ ሓንቲ ኣማኒታ ገዲፋታ እያ : ንሱዳን ዝተሸርበት...

እንቧእ! ህህህም...

ብድሕሪ እዚ ኹሉ : ዘመን ገድሊ ተሓቢኣ ኣብ ሱዳን እያ ኣሕሊፋቶ : እዚ ዝበልካዮ ስም ሱዳናውያን ከማን : ቐይራቶ እንበር : ዓባየ ዝማም እያ ትበሃል ...

እእህህ...

ከብዚ ተበጊሳ ድማ : ኩሉ ግዜ : ካብ ካሜራ ከም ትሃድም ንፈልጥ : ንዓባየይ መዘከርታ ዝኸዉን ዋላሓንቲ ኣሰር ብዘይ ምህላዉና : ኩሉ ግዜ የተሓሳስበኒ እዩ...

ኣብ ሱዳን : ምስ ሓደ ሱዳናዊ ትነብር ምምባራ እዉን ሓበሬታ ኔሩ : እዚ ኩሉ ግን ዓሚ ምስ ሞተት ኣብ ኤርትራ ስለ ዝተቐበረት ኢና ፈሊጥና...

እንታይ ትብሊ ዳለይ...

ኣሌክሶም ! ንስኻ ኮንካኒ እንበር : እዚ ምስጢር እዚ : ምስ ዋላ ሓደ ተዘሪበሉ ኣይፈልጥን እየ...

ሂወት ሓፍተይ ምንኣሰይ እኳ ኣይትፈልጥን እያ : እተን ኣማኒታ : ንዓባየይ ነደይ ከም ዳለን ኣዕቤን ስለ ዘመርዓዋኣ : ዓባይና እዩ ዝመስላ ኔሩ ...

ካልእ ይትረፍ'ሲ : ኣቦይ ወላዲየይ ከማን : ሓማቱ እንዳመሰሎ እዩ ኣሕሊፉዎ : ክሳብ ግዜ ሞቱ...

ዋዉዉ...

እወ እዚ ምስጢር ኣደን ዓልን እዩ ኔሩ : ሕጂ ግን ንስኻ ተሓዊስካዮ ኣለኻ...

ሶሪ ካልእ ሰብ ካኣ እባ ኣላ ነዚ ትፈልጥ : ናታ ግን ካልእ መዓልቲ ዋላ ከዕልለካ!

ሕጂ ግን እዛ 50 ጅኔኻ : ካብ ኢድ ዓባየይ ስለ ዝመጸት'ሲ : ናይ ዓባይ ኣሰር ኮይና ተሰሚዓትኒ እየ በኽየ እሞ : ነደይ እዉን ደስ ክብላ ክነግራ እየ...

ኣለክሰም ቑሩብ ዝን ኢልካኒ!

እወ ሓቕኺ : ዝን ዘብል ሕክያ እዩ : እስከ በሊ ደኺመ መስለኒ : ኣብዛ ባልኮኒ ኮይነ ሽጋራ ሰትየ ክምለስ እሞ ክንቕጽሎ...

ኢለያ ደገይ ወጺኤ : ነዚ ሕክያ በይነይ ከኮማስዖ መሪጸ : ነገራት እንዳገማጠልኩ ክሓስብ ድሕሪ ምጽናሕ ...

እቲ ዓሚጹ ዝበሃል ዘሎ : ኣባሓጎይ ከይከዉን እንዳ ሰጋእኩ እየ : ዉሽጢ ገዛ ገጸይ እንዳ ኣምራሕኩ : ኤልሳ ድሮ ተሲኣ : ተሓጺባ ኣብ ክሽነ መግቢ ከተዉዒ ዝጸናሓትኒ...

በል ኪድ ተሓጸብ እሞ ክንበልዕ ! ደሓር ከኣ : ዊስኪ ኪገዚእ ዝበልካ ደኣ ኣለና እንድዩ : ክቐርበልካ ኢየ: ትብለኒ...

ኣይ ኣነ ደኣ ሓድሽ ክኾነልኪ : ናይ ቆልዓ ኢለ እንዳኣለይ : ደሓር ከኣ ጠኒስኪ እንተለኽስ ኣይፍቐደክን ኢዩ : ንዓይ ንበይነይ ድማ እንታይ ኪገብረለይ ኢሉ : ኢለያ ባኞ ኣትየ ...

ካብ ሓሳብ ነጻ ዘይኮንኩ : ግን ከምዝኾንኩ ኮይነ ንኽቐርብ እንዳፋጸኹ ክሕጸብ ይዝክር...

ብድሕሪ'ዚ : መኣዲ ተቐሪብና እንዳ በላዕና!

ዓይና ናብ ሰብ : ኢዳ ናብ ሞሰብ ከምዚበሃል : ሓሳበይ ናብ ካልእ : ዝዛረቦ ድማ ኣብ ካልእ : ምህላዉ ኣስተዉዒላ : ነዚ መሕቢኢ ዝተጠቐምኩሉ ቓላት እንተኔሩ !

ኣቲ ዳል ተኸለ : እሞ ሕጂ ደኣ : እዛ 50 ጅኔይ መዕለቢ እንድያ ረኺባ!

ስምዒ እስከ'ባ : ሽም ቆልዓ ደኣ ዘይንመርጽ : ክንብል ኣምሲና...

ዉሽጠይ ግን : ጵባሕ በይነይ ኮይነ : ንስድራይ ክድዉል እሞ : እገለ ትባሃል : ኣነ ዘይፈልጣ ኣሞ ከይትህልወኒ : ንምርግጋጽ እየ ዝሓስብ ኔረ...

መኣዲ ተላዒሉ ፡ መስተ ተቐሪቡ ፡ ኣደይ'ቲቪ በረሄን ዕላል ቐጸለ ...

ግዜ ናይ ምሸት ሰዓት 9 ከባቢ ኮይኑ ፡ እስከ በሊ ዜና ክንሰምዕ ብማለት ካናል ቢቢሲ ቐይረ ፡ እቲ ዜና ፉርቑ ይሰምዖ ኣይነበርኩን ...

ከይተፈለጠኒ ድማ ፡ ዓሰርተ ግዜ ፡ እዚ ኣቐብልኒ እንዳበልኩ ፡ ንሳ ከተምጻለይ ምስከደት ፡ ብዝተኻእለኒ ቢሒተ ክሓስብ ይምነ ነበርኩ ፡ ምኽንያቱ ደገ ከይወጽእ ተኣጊደ ስለዝነበርኩ ...

ቅደም ኔሩ ኮይኑ እንበር ፡ ከምዚ ሎም'ስ ሞባይል ኣለዋ ፡ ንሓደ ዓርክኻ ቴክስት ትገብረሉ ፡ ገዛ ደዊሉ በጃኻ ኣገዳሲ ደሌካ ኣለኹ ፡ ኢሉ ከምዘዉጻኒ ምገበርኩ ፡ ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ ኔሩ ...

ብዝኾነ ኤልሳ ቖሪራ ፡ ጋቢ ሒዛ ኣብዛ እግረይ ተጠቕሊላ ፡ ብጽሞና ትሰምዕ ስለዝነበረት ፡ ደኺማ ዝደቐሰት ኮይኑ ተሰሚዑኒ ኔሩ ...

ዜና ዉድእ ምስ'በለት ግን ኣፋ ተኸፊቱ ፡ ኣሌክሰም! እዚ ቆልዓ መን ንበሎ? ኢላ ምስ ሓተተትኒ ዱበላ ኮይንኒ ...

ንሕቶኣ ክምልስ ፡ ገለ ክብል ስለ ዝነበረኒ ግን ዋላ ፡ 50 ጅኔ ንበሎ ምስ በልክዋ ብሰሓቕ ተሲኣ ፡ ቲቪ ቐስ ኣቢላ ዕላልና ናብ ምሕዳሱ ተጓየየት ...

ጸኒሓ ድማ ናይ 50 ጅኔ ካብ በልካ ግዳ!
እሀ. . . !
ንጽገ ትፈልጣ እንዲኻ!
መን ጽገ እያ'ዚኣኸ?
ጽገ ተወልደ'…! እሃ አወ ... ኢሂ'ሞ...

ምስኣ ደኣ ምሽ ኣይትቕረቢ እየ ዝብለኪ ...
እወ ኣሌክሰም ፡ ከምዘይትፈትዋ ይፈልጥ እየ ፡ ግን ስምዓኒ! ትብለኒ ...

ክቡር ኣንባቢ ! ቕድም ጽገ መን ሙዃና ክሕብር'ሞ ፡ ደሓር ናብ ኤልሳ ክምለስ ...

ጽገ ተወልደ ትበሃል ሰበይቲ ፡ ንነዊሕ ዓመታት ፡ ኣብቲ እንዳ ሸዲዳ ገዳርፍ ፡ ከም ሰራሕተኛ ኮይና ዘገልገልት እያ ፡ ኤልሳ ሱዳን ምስ ኣተወት ፡ ኣብ እንዳ ዓባያ ቡን ከተፍልሕ እያ ትፈልጣ ዘላ ፡ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ፡ ምስ ዘዕጎልን ጥንቖላን ዝተሓሓዝ ፡ ብዙሕ ኣበር ዘለዋ ኮይና ፡ ድሕሪ ኤልሳ ሲዒባ ፡ ንሆላንድ ዝኣተወት ግን ከኣ ፡ ነዚ ጠባያታ ዘይገደፈቶ እያ...

በዚ ድማ ፡ ንኤልሳ ኣይትቕረብያ እንዳበልኩ ንቛየቕ ኢና...

ናብ ኤልሳ ክምለስ ...

ናይ ጽገ ደኣ ሎም'ኸ እንታይ ሒዝኪ ኢኺ መጺኺ ? ይብላ ...

እዋእ ! ደይ ባዕልኻ 50ጅኔ ኢልካንስ ፡ ብዛዕብኡ ገለ ስለ ዝበለትኒ እየ ፡ ትብለኒ

ብዛዕቡኡ ትብለኪ ነገር ዘሎ ኣይመስለንን. . .

ንሳ እያ ኣብ ሱዳን ይዝክረካ ትብለኒ እንበር ፡ ኣነ ኣብቲ እንዳ ዓባየይ ትብሊዮ ዘለኺ ፡ 2 ሰዓት ከማን ኣይገበርኩን ፡ መልክዕ ጽገ ይትረፍ ፡ መልክዕ ዓባይኪ ከማን ጹቡቕ ኣይዝክረንን እየ . . .

ደሓር ድማ ፡ ናይ'ዛ 50ጅኔ ሎሚ ኢኺ ኣብ ኣልቡመይ ረኺብክያ ፡ ምስ ጽገ ዘራኽብ ዘለዎ ኣይመስለንን. . .!

ኖ. . .! ኣሌክሶም ስምዓኒ'ሞ ፡ በቐዳማይ ናይ ሓዋ ክንበጽሕ ምስከድና ፡ ቡን ኄራ ተስሕቐና ኄራ፡ ሕልምና ፍትሕልና ንብላ እንበር ፡ ኣነስ ይኣምና'ኳ ኣይነበርኩን ...

ህ ህ ህም

እንታይ ከምትብል ኢለ ድማ ፡ ኣነ ብሓቑ ዝሓለምኩዎ ይነግራ ...

እንታይ ሓሊምኪ ዲኺ?

እወ ስምዓኒ እሞ! ኣነ'ስ ብዙሕ ሰልዲ ኣቕራሽ ዝረኸብኩ ኮይኑ ይስመዓኒ እሞ ፡ ካብ ምድሪ የልዕሎ ድማ እንተ በልኩዎስ ፡ እዛ ፍንጃል ርእያ ፡ ዘልዓልክዮ ጹቡቕ ኄርኪ ትብለኒ ...

ኢሂ ተበልኩዋ ፡ ሰልዲ ቖልዓ እዩ ፡ ዘልዓልክዮ ድማ ናትኪ ቖልዓ እዩ ! ድቑ ኄርኪ ኣለኺ መስለኒ ትብለኒ ...

እዎዎዎ. . .! ዘይተባህለ ኢለያ ፡ መርመራ እንተገበርኩስ ሓቓ ጸኒሓ ፡ እሞ እንታይ ክበሃል ይከኣል . . .

ደሓር ድማ ፡ ነዚ ክነግረካ ኢለ ፕሮግራም እንተፈለኹስ ፡ እዛ ቕርሺ ድማ ምሳኻ ኪረኽባ ከለኹስ ደንጺዩኒ እኮ ትብለኒ . . .

ዶ. . .? ኢለያ ብምግራም ንሓንሳብ ዝን በልኩ ...

ደሓር ጸኒሔ ፡ እታ ብጀካኻ ካልእ ናይ ዓባየይ ምስጢር ትፈልጥ ኣላ ፡ ዝበልክያ ጽግ ድያ?

እው ንሳ እያ. . . !

እሞ ንሳ ነባሓጎኺ ፡ ነቲ ንዓባይኪ ዝዓመጸን ትፈልጦ ድያ?

እዋእ ንሳ ደኣ ፡ እንታይ ዘይትፈልጥ ናይ ዓባየይ. . .
በሊ ስምዕኒ ! ኣነ ምስ እዛ ሰብ እዚኣ ፡ ከዕልል ይደሊ ኣለኹ!
ካብ ማዓስ ደኣ?
ኖ …! ከምዚታት ናይ ደቒ ሰባት ታሪኽ ምፍላጥ ፡ ጹቡቕ እዩ. . .

ደሓር ከኣ ፡ መን ይፈልጥ ፡ ነባሓጎኺ ንረኽቦ ፡ ወይ ምሰና ኣብ ሆላንድ ይጸንሕ ፡ ምፍላጥ ዝመስልዎ የሎን. . .

ቖልዓ ምስ ወለድኪ ድማ ፡ እንታይ ኢልና ከም ንነግሮ ንፈልጥ ይብላ. . .
ሕራይ ንሳ ደኣ ፡ ጽባሕ ምጺ ንብላ ትመጽእ ፡ ኣነ እየ እንበር ፡ ንሳስ ኩሉ ግዜ እያ ትጎየኒ ...
እሞ ደዉልላ!
ኣይተሃወኽካን ዶ?
ኢሂ. . .!
ማለተይ’ሲ ስፔዛ ዘይብልና ከይከዉን ?
ክላእ ጽግ ደኣ ፡ ደይ ቖሎን ቡንን ፡ እንታይ በላዒት ኮይና ፡ ካብኣ የድሕንኪ ፡ ደዉልላ ጽባሕ ምጺ ኢልኪ . . .

ሕራይ ኢላ ደዊላ ከምትመጽእ ነጊራትኒ ፡ ዳብል ዊስኪ ሰትየ ፡ ደኺመ ኣለኹ ንደቕስ ኢልና ፡ ቡዙሕ ኣይጸናሕናን ንድቕስ . . .

ሰንበት ንጉሆ ኮይኑ ፡ ምስ ተሳእና ቕድሚ ናብ ቤተሰብ ምድዋለይ ፡ ንጽግ ክሰምዓ መሪጸ ፡ ምኽንያቱ ፡ እንተ ከምቲ ዝሓስቦ ዘይኮይኑ’ስ ፡ ሃለውለው ከይከዉን ሰጊኤ ፡ ድኻም ስለ ዝነበረንን ፡ ሰንበት ስለዝኾነን ድማ ፡ ኣርፊደ ተሲኤ . . .

ከባቢ ሰዓት 11 ይኸዉን ፡ ኤልሳ ቑርሲ እንዳገበረት ፡ ማዕጾ ገዛ ጭር ትብል እሞ ፡ ጽግ መጺኣ ትብለኒ . . .

ኣነ ይሕጸብ ኢየ ኔረ ፡ መጺኣ ተካል ወጃሃታኣ ፡ ኢለ ብልበይ ፡ ተኸዳዲነ ፡ ናብ ሳሎን ኣብቲ ንሰን ዘለዎ ኣትየ ‘ ብፍሕሹዉ ገጽ ሰላምታ ድሕሪ ምልዉዋጥ !

ጽግ ብግምተይ ዓል 55 ኣቢላ ፡ ሕብራ ከደረይቲ ፡ ኣካላ ጹሙእ ኮይኑ ፡ ሰላም ክብላ ኣእዳዋ ከም ግሬሲኒ ቕርሽም ከይብላኒ እንዳፈራህኩ እየ ሰላም ኢለያ. . .

ክዳውንታ ፡ ናይ ቑሪ ቐይሕ ቐጥ ዝበለ ስረ ሲኞሪናታት ኮይኑ ፡ ናይ ላዕሊ ድማ ዓይንኻ ዝዶጉሕ ቐጠልያ ጎልፎ ጌራ ስለዝነበረት ፡ ከም ዋዛ መጀመሪ ዘረባይ ፡ እንታይ ደኣ ጽሕዲ ልደት ኮንኪ መጺኺ ? እየ ኢለያ . . .

ጽገ ንፍርቒ ገጻ ዝሸፍን ዉቓጦ መስቐል ኣብ ግንባራ ሃሊዩዋ ፡ ኣነ ምስ መጻኹ ፡ ዝሓፈረት ክትመስል ፡ ነቲ ብጫን ቐይሕን መስቐል መስቐል ዝእድያቱ ነጸላኣ ኣልዒላ ፡ ከም ንቡር ከይትኸደኖ ፡ ከም ናይ ቐሺ ተዓሚማ ፡ እጅገኣ ሰብሲባ ፡ ንዝርእያ ተንቐሳቓሲት ቤተክርስትያን እያ ትመስል ዝነበረት . . .

ድሕሪ ከመይ ትኾኒ ብላ.ብላ.ብላ. ዝብሉ ወጃዕጃዓት ፡ መስመራት ዕላል ሰሪዐ ፡ ኩሉ ምስ ተረሳሰነ ፡ ቑርሲ ተቐሪቡ . . .

ኣቲ ጽገ! ስምዕኒ'ባ ይብላ. . .

ኣነስ ኣብ ሱዳን እየ ዝዝክረካ ክትብልኒ ሓደ ግዜ ይዝከረኒ ! ከመይ እያ ፡ እስከ ኣዘክርኒ ፡ ክብል ይዉከሳ . . .

እወ ንእሽተይ ጎበዝ ኢኻ ኔርካ ፡ ዓምና ወዲ መን ሙኚንካ ሓቢራትኒ ኔራ ፡ ስድራኻኪ ኣይፈልጦምን እየ ፡ ሓደ ግዜ ግን ፡ ኣብ ካርቱም መልኣከ ወዲሓዎቦይ ፡ ወዱ የጠምቕ ኔሩስ ፡ ኣኮኻ ሒዙካ መጺኡ ኔሩ ፡ ስዋና ጢዒሙካ በል ክትብሎ ኣምሲኻ ፡ ሽዑ መልኣከ ካብ ገዳርፍ ንካርቱም ከምዘምጻካ ፈሊጠ ፡ ኣፍሮኻ ዘኪረዮ ትብለኒ. . .

ኣሃ ሓቕኺ ይኸዉን ኢዩ ፡ እወ ግዜ እንዲዩ ነዊሑ ፡ እንባኣር መልኣከ ወዲ ሓዎቦኺ እዩ?

ኣደይ ዝማም'ከ ከፋንዋና ፡ ሰልዲ ሂበናና ኔረን ፡ ትዝክሪ ዶ ትኾኒ?

እዚኣስ ኣይዝክራን እየ ፡ ግን ጋብር ስለዝነበረ ፡ ነጋይሽ ትልግስ እያ ሓቕኻ . . .

እህ. . . ካልእ'ከ?

ካልእ ደኣ እንታይ?

ማለተይሲ ፡ ታሪኽ ኣደይ ዝማም ትፈልጢ እንተኾንኪ ኢለ እየ ፡ ብዛዕባ ደቐን  ወይ ገለ ዕላል ኣለኪ ኣይኮነን! ምስ በልክዋ . . .

ዎኦ. . .! ኢላ ንኤልሳ ዓይና ክትጸቕጥ ከላ ፡ ተዓዚበ ግን ፡ ከምዘይ ኣስተብሃልኩ ተሲኤ ሽንትቤት ይኸደልኩም . . .

ኤልሳ ሽዑ ፡ ኣጆኺ ምስጢር ዓባየይ ነጊረዮ ስለዝኾንኩ እዩ ፡ ከተዕልልዮ ደልዩ ፡ ትብላ

ኣነ ምስ ተመለስኩ ፡ ኣበይ ኢና በጺሕና ኔርና ይብለን ሽጣራ!

ጽገ ጀመረት!

ዓምና ኣብ እንዳ ኣባሓጎኻ ከላ እያ ፡  እያሱ ዝበሃል ወዲ ከባቢ ፡ ጊላ ኣቦሓጎኻ ዝነበረ  ፡ ሎቸ ድዩ ማይ ከዐሪ ፡ ኢሉ ምስ መጸ ዝደፈራ !

ብድሕሪዚ ድማ እያ ፡ ጓል ወሊዳ ፡ ግን ኣብ 5 ወርሓ  ምስ ኣማኒታ ገዲፋታ ንሱዳን ዝሃደመት!

እያሱ’ ኸ?

ንሱ እዉን ንበረኻ እዩ ሽፊቱ ፡ ደሓር ግን ኣብ ጅብሃ ኔሩ ይበሃል! ስድርኡ ግን ከባቢ እስመራ እዮም!

ዓምና ስንባደ ስለዝነበራ ግን ፡ ዝኾነ ርክባት ክትገብር ኣይትደልን እያ ኔራ ፡
ደሓር ድማ ቖልዓ ከምዝወለደት ፡ ዝፈልጥ ኣይመስለንን ፡ ኢላ ተቕስነንኒ . . .

እንታይ ደኣ ዋና ገዛ ዓሚጹዋ ትብል ኤልሳ ? እንተበልኩዋ

እዋእ ! ኣይፋልካን ፡ ባዕለይ ይፈልጠልካ ፡ ዋና ደኣ ኣቦሓጎኻ እንድዮም!

ኤልሳ እዚ ምስ ሰመዐት ግር ኢሉዋ ፡ ኣይተረደኣንን ኢላ ምሰይ ኮርያ ፡

እዚ ኹሉ ከዕልለካስ ፡ ዓባይኪ ኣብ ገዛ ኣባሓጎይ ኔራ ከይበልካኒ ኢላ!
ደሓር ግን ፡ እዛ ዘረባ ትማሊ እያ ተላዒላ ኢለ ብገለ ጠቢረያ . . .

ደሓር ጽገ ወሲኻ . . .!

ኤልሶኦም ኣነ’ስ ይፈልጥ እንድየ! ሱቕ ኢለ ዶ ምረኣኹኺ እየ ፡ ኮምኡ እንተዝኸዉን ደኣ ጓል ኣሙኡ እንዲኺ ክትኮኒ ፡ ኢላ ኣስሒቓታ. . .

ኣነስ ኣይትብከ እንድዩ ዘብከየኒ ፡ ኢለ በዛ ልበይ ፡ ነገራት ከምዘለዎ ኣቐሚጠ ፡ ናብራና ምስ ኤልሳ ቐጸለ !

ተፈጸመ!!!!!!!!!!!!!

# ዕላል ምስ ካሕስኡ ወልደጋብር

ሰዓት 9፡00 ናይ ንግሆ እዩ

ቴሌፎን . . . ጭርርር. . . .! ጭርርር. . . .! ጭርርር. . .!

ሃለዉ መን ክብል ? ኣሌክስ እየ!

ሓደርካ ኣሌክሰይ! ካሕሱኡ እየ ፡ ኣተሲኤካ እየ መስለኒ?

ዌ...! ካሕ ዓርከይ ዲኻ? ደሓን ክትስእ እየ ፡ ስራሕ እንድየ ናይ ለይቲ ሓዲረልካ ፡ ከመይ'ከ? ናይ ደሓን ደኣ ንግሆ ደዊልካ?

ኣታ ወዲ ደሓን እየ ፡ ደሓን ከኣ ኣይኮንኩን!

ኢሂ'ታ ሕጂ'ኸ እንታይ ተረኽበ ?

እቶም ናይ ገዛ እንድዮም ኣሸጊሮሙኒ ፡ ብኮምፑተር ኢኻ ትኽፍል ትረዳዳእ ፡ ነዚ ክትገብር ድማ ኤመይል ኣድረስ ከድሊየካ እዩ ፡ እንዳበሉ ዓቕለይ ኣጽቢቦሙለይ'ሞ ፡ መን ሃሊዩኒ ንስኻ ሰበይ ገለ ግበረኒ ክብለካ እየ ደዊለ ፡ ኣሌክሰይ. . .!

ክክክ ኣየ ካሕ ተኸኽ ፡ እወ ሓቖም ኮምኡ እዩ ኮይኑ ፡ ንስኻሞ ኣበይ ኣለኻ? ስማዕ ሕጂ ፡ ሓንሳብ ድቓሰይ ክምለኦ እየ ፡ ናይ ምሸት ምጻእ ገዛ'ሞ ፡ ሓድሽ ኤመይል ኣካዉንት ይኸፍተልካ ፡ ኣጠቓቕሙኡ ድማ የርእየካ ፡ ደሓር ኣይትሽገርን...

ሕራይ ኣታ ብሩኽ ፡ ኪድ በል ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ ኣቢለ ክመጸካ እየ ...

ኦከይ ቻዉ!

ናይ ምሸት ኮይኑ ፡ ካሕ ዓርከይ ተሰኪፉ ይመስለኒ ፡ ዘይ ኣመሉ ድስተ ሒዙ ደበኽ ይብለልኩም...

ድሕሪ ናፍቖታዊ ሰላምታ ምልዉዋጥ ፡ ደብዳቤታቱ ኣንቢብና ፡ ክገብሮም ዘለዎ ተረዳዲእና ፡ ሓድሽ ኤመይል ኣካዉንት ክንከፍት ፡ ዉዕሎ ጀጋኑና ኮይንኒ ድሕሪ ምዉዓሉ ፡ ከምዝተረደኦ ንምፍታሽ ፡ እንታይ ትሓቶ ኣሎ ካሕ ዓርከይ? ይብሎ ...

ኣሌክሰይ ኩሉ ዳርጋ ተረዲኡኒ እዩ ፡ ግን ሓንትስ ፡ እዛ ኤመይል ደብዳቤ እንተኾይና ፡ ምስ ሰደድናያ ፡ ኣቲ ዝቕበላ ገዛ እንተዘየሎ ፡ ደብዳቤ ናበይ ትኸይድ? ይብለኒ ...

ካሕ ዓርከይ ኣይትሽገር ! ክሳብ ዝምለስ ኣብ ኮምፑተሩ ክትጸንሕ እያ ፡ ይብሎ ...